# 24 ግንቦት 1991 - 24 ግንቦት 2005

# ሓባራዊ - መግለጺ

## ማሕበር ስደተኛታት ኤርትራዉያን ኣብ ሃ/ጣልያን (ማ.ስ.ኤ.ኢ.)
## ምውህሃድ ሽማግለ ደሞካራሲያዉያን ኤርትራዉያን ኣብ ሃ/ጣልያን

ልክዕ 14 ዓመት ይገብር ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ልዕሊ ሰላሳ ዓመት ዝወሰደሉ መሪርን ዓበይቲ መስዋእትነትን ዝኸፈለሉ ህዝባዊ ብረታዊ ቃልሲ ሃገራዊ ናጽነቱ ክጭብጥ ከም ዝበቀዔ ዝዝከር'ዩ።

ኣብ ሃ/ጣልያን ተሰዲድና እንርከብ ኤርትራዉያን ወላ'ካ ኣብ'ዚአ ታሪኻዊት ዕለት'ዚአ ካብ ሃገርና ብአካል ሪሒቅና ንርከብ እንተሃሎና ነታ ሓራ ንምዉጻእ በሽሓት ዝቑጸሩ አሕዋትናን አሓትናን ዝተሰዉኡላን ዝተዋደቑላን ዝሰንከሉላን ኤርትራ ሃገርና ብቀዳምነት ብዓቢ አኽብሮ ክንዝክሮም ሞራልዊ ሓላፍነትናን ግቡእናን'ዩ።

ሎሚ ድሕሪ 14 ዓመት ምጉንጻፍ ሃገራዊ ናጽነት እታ እነፍቅራ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነታት ትርከብ ምህላዋ ክንመዝን ምስ ንብገስ ዋላ'ካ ክህልዉና ዝክእል ገምጋም ካብ ዝተፈላለየ ኣረአእያ ይንቀሉ ደአ'ምበር አዚዩ ከቢድ ሻቕሎትን ሕቶታትን ዘሎዎም ገምጋማት ክብጻሕ'ሲ ናይ ሎሚ ሓዲስ ጉዳይ አይክከዉንን'ዩ።
እቶም ከቢድ ሻቕሎትን ሕቶታትን ሓዘል ዘሎዎም ጉዳያት እንብሎም ድማ ካብ'ቲ ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ምስ እንብገስ ነዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ክንጠቅስ ንክእል።

- ህዝቢ ኤርትራ ካብ ናይ ምዝራብ ይኩን ዉልቃዊ እምነት ጀሚሩ ክሳብ ምቅዋም ምዉዳብ ምስራሕ ንግዲ ምክያድ……ወሰተ ዝአመሰሉ መባእታዊ ዲምክራሲያዊ መሰላቱ ብስርዓት ህግደፍ ብሙሉኦም ብርኡይን ብስዉርን ተገፊፎምን ተጭፍሊቆምን ስለዝርከቡ ሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከቢድ ኩነታት ናይ ድኽነትን ስእነትን ጥምየትን ወዲቑ ተጸባያይ "ረዲኤት" ከምዝኸዉን ተገይሩ'ዩ ዝርከብ ዘሎ፤
- ሃገርና ኣብ ክንዲ'ቲ ዓቢ ትጽቢትና ዝነበረ መሬት ፍትሕን ብልጽግናን ምዕባለን ግስገሳን ሎሚ ብምልካዊ ስርዓት እትመሓደር ናይ ዓመጽን መሰላት ግህሰትን ናይ'ቲ ናጻ ክወጽእ ዝተቃለሰ ህዝብን ኮይና ጥራይ አይተወሰነትን እትርከብ ዘላ ብተወሳኺ እዉን ሓንቲ ካብተን ናይ'ዚ ክፍለዘመን'ዚ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ህዝባ ብቀጻሊ ዝዳጎነላ ሃገር ከም ዝኮነት'ያ ኣብ መላእ ዓለም እትፍለጥ፤
- መልካዊ ስርዓት ህግደፍ ነቲ ጨፍላቒ ስልጣኑ ብዝከአሎ መጠን ዕምሩ ንምንዋሕ ብሓደ ሸነክ ኣንጻር ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ዝተፋላለየ እዋናት ኲናት እናጻሕተረ በሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት ኣብ ዘይፍትሓዊ ዉግአት እናጠበሰ ህልቂ ከስዕብ ድሕሪ ምጽንሑ በቲ ካልአይ ሸነክ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ንከእምን ንምፍታን "ሃገር ከይትዉረር ክተት" "ዶብና አይተሓንጸጸን" ዝብሉ ምስምስ ብቀጻሊ ዘመተ እናተጠቀመ ቁጠባ ሃገር ምድሪ ከምዝዘብጥ ገይሩዎ አሎ ጥራይ ዘይኮነስ ንሓዋሩ'ዉን ክትንስእ ከም ዘይክእል'ዩ ክገብሮ ዝርከብ ዘሎ። ፍሽለት ናይ'ቲ ዝምከሓሉ ቁጠባዊ ፖሊስኡ "ዋርሳይ እከአሎ" ከአ እኹል አብነት'ዩ፣

- *ኩነታት ሓዲስ ወለዶ ብፍላይ ድማ ናይ መንእሰያት ተማሃሮ ኣብ ክንዲ ምስፋሕ ትምህርትን ፍልጠትን ምርምርን ከማዕብሉ ምጽዓር ብሰንኪ እከይ ተግባራት ስርዓት ህግድፍ ኣብ ጎደና ዘለኣላማዊ ዕስክርናን ባርነትን ድንቁርናን ትምክሕትን ዝኣክል ኣብ መላእ ሕብረተስብ ኤርትራ ዓብይ ጉድኣት ብቀጻሊ ብዘስዕብዎም ዘለዉ ኤርትራዊ መንእሰይ ክብረት ዘይብሉን እንታይነቱ ዘይፈልጥን ዜጋ ከምዝኾዉን ተገይሩ ጥራይ ዘይኮነስ ከም ወጺኢት ናይ'ዚ ፖሊሲ'ዚ ዝኣክል በኣሽሓት ዝቁጸሩ መንእሰያት ካብ'ታ ዘፍቅርዋ ሃገሮም ናይ ምህዳም ኣስዒቡን ኣብ ፎቆዶ ሃገራት ኣፍሪቃን ዕድል ዝረከበ ከኣ ገሃነብ ሰሃራን ባሕርታትን ተሳጊሩ ንኤዉሮፓን ካልኦት ክፍሊ ሃገራት ዓለምን ብምብጻሕ ፖለቲካዊ ዑቕባ ክሓትትን መባእታዊ ናይ ምንባር ሽግራቱ መፍትሒ ክናድን ናብ ስደት ገጹ ከምርሕ ተገዲዱ ይርከብ ኣሎ።*

*እሞ እዚ ካብ ኮነ እዋናዊ ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን እንታይ ንግበር ንዝብል ሕቶ መልሲ ንምርካብ ብቀጻሊ ክንመራመረሉን ክንሓስበሉን ዘሎና ጉዳይ እካ እንተኮነ መሰራታዊን መትከላዊን ጠለባትና ግን እዞም ዝስዕቡ ከምዝኾኑ ክነዘኻኽር ንደሊ።*

- *ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ንሃገርና ምድሪ ሞትን ዕንወትን ህልቀትን ካብ ገበራ ኣብዚ መበል* 14 *ዓመት ዝኸሪ ናጽነትና ብሓባር እንኣትዎ መብጽዓ እንተሎ ሃገርና ምድረ ሰላምን ዲሞክራሲን ልምዓትን ንኽትከዉን ዕቱብ ዝኮነ ፖለቲካዉን ማሕበራዉን ባህላዉን ቃልስና ብዘይምቁራጽ ክነካይድ ምኻና'ዩ።*
- *ኣብ ሃገርና ደሞክራሲን ሕግን ፍትሕን ንምንጋስ ኣብ ምሉእ ሓይልና ተኣማሚናን ኣብ ዘሎና ዓቕምታትን ክእለትን ተሞርኩስናን ንህዝብና ካብ ጨፍላቂ ስርዓት ህግደፍ ንምንጋፍ ቀጻሊ ሓባራዊ ናይ ቃልሲ ተበግሶታት ክነካይድ ምኻና'ዩ።*
- *ደምበ ፖለቲካዉያን ተቃወምቲ ዉድባት ኤርትራ ነቲ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም ከካይድዎ ዝጸንሑን ሎሚ'ዉን እንተኾነ ብስም ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኤርትራ ተጠርኒፎም ዝቕጽልዎ ዘሎዉ ሓርበኛዊ ቃልሲ ኣንጻር ምልካዊ ዲክታቶርነት ህግደፍ እንዳሞገስና ንደምበ ተቃዉሞ ብዝያዳ ንምሕያል ናይ ሓባር ናይ ቃልሲ ተበግሶታትና ንምስፋሕ ድልዋት ምኻና'ዩ።*
- *ነቲ ኣብ ሃገር ጣልያን ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ኤርትራዉያን ብቀጻሊ ብወከልቲ ስርዓት ህግደፍ ዝካየዱ ዘሎዉ ነውራማትን የዕነዉትን ናይ ምጽላም ፖሊሲ ይኩኑ ናይ ምፍርራሕን ምግፋዕን ዘመተታት ኣጥቢቕና ክንቃለሶም ምኻና'ዩ።*
- *ነቶም ምእንቲ መሰላቶም ዝቃለሱ ዘሎዉ ሓተትቲ ዑቕባ ኤርትራዉያን ኣብ ሃ/ጣልያን ይኩን ኣብ ካልኦት ክፍለ ሃገራት ሓባራዊ ቃልሲ ንምክያድ ዘሎና ዓቕምታትን ክእለታትን ክነበርክት ምኻና'ዩ።*

*ዘለዓለማዊ ክብሪ ንሰዉኣትና* !!
*ኣብ ሃገርና ዲሞክራሲን ፍትሕን ክነስፍን ክንቃለስ ኢና* !!
*ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነትናን ልእላዉነትናን ወትሩ ክንቃልስ ኢና* !!

***ASSOCIAZIONE IMMIGRATI ERITREI IN ITALIA (A.I.E.I.)***
Via Vallazze 34 - 20131 Milano –
Email : assoeritrea@libero.it

***COORDINAMENTO DEMOCRATICI ERITREI IN ITALIA (CCDEI)***
Viale Lombardia 20 - 20131 Milano -
Email : eridemocrat@yahoo.it